## ማሕበር ዳናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ንተምሃሮን ካልኦት ክፋል ማሕበረሰብን ግልጋሎት እናሃቡ ዝነበሩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታት( ዴስክቶፕ ኮምፒዩTር, ፕሪንተርን UPS) ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብረትን ብግልፂ ጨረታ ኣሪቱ ክሸይጥ ስለዝደለየ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 2, 2017 ( ቅድሚ 7 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 9, 2017 08:30 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ነሓሰ 9, 2017 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቕሑት መሸጣ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ (2ይ ግዜ ዝወፀ)

ማሕበር ዳናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ትሕቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሰበኻ ዓዲ ግራት ንዝተፈላለዩ ናይ ሕብረተሰብ ክፋላት ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕናን ልምዓትን ካልኦት ማሕበራዊ ፀገማትን ኣገልግሎትን ሓገዝን እናበርከተ ዝርከብ ገባሪ ሰናይ ትካል እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ክልልና ምስ ት/ቲ ቢሮ ብሓባር ብምኻን ፍርያት ሃገር ብዝኾነ ምግቢ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ተምሃራይ ክምገብ እናገበረ ዝርከብ ትካል እዩ። ብተመሳሰሊ ንዝተፈላለዩ መራሕቲ ስድራ ናይ ምግቢ እታወት እናባፅሐ ዝፀንሐን ዘሎን ትካል እዩ።

በዚ መሰረት ድማ ትካልና ንተምሃሮን ካልኦት ክፋል ማሕበረሰብን ግልጋሎት እናሃቡ ዝነበሩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንብረታት ( ዴስክቶፕ ኮምፒዩተር, ፕሪንተርን UPS) ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብረትን ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ክሸይጥ ስለዝደለየ

1. ዝኾነ ሰብ ክጫረት ዝደሊ ዝርዝር መምርሒ ተጫረቲ ዝሓዘ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 02/12/2017 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 09 /12/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ትግራይ ጥቓ ዓይኒ ሕክምና ኣብ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ብኣካል ብምምፃእ ክትወስዱ ትኽእሉ።

2. እቲ ጨረታ ዕለት 09/12/2017 ዓ.ም ስዓት 8:30 (local time) ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ስዓት 9:00 (local time) ኣብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ ትግራይ መተሓባበሪ ቤት ፅሕፈት ይኽፈት :

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle